# ስለ ምንታይ ምሕረት ክንገብር ንግደድ

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ፡ ሪቻርድ ብእተባህለ ጸሓፊ ካብ እተጻሕፈት "ዛዕባታት ልቢ" እትብል መጽሓፍ እተተርጐመት ንእሽቶ ክፋል እያ። ንመንፈሳዊ ህይወትና ዝሃንጽ መልእኽቲ ኣለዋ እሞ እስከ ሃዲእና ነንብባ። ሰናይ ንባብ።

ጸሎት ጐይታ፡ ቅዱስ ማቴዎስ ኣብ ዝጸሓፎ ወንጌል፡ ኣብ ሻዱሻይ ምዕራፍ ተጻሒፉ ኣሎ። እዛ ጸሎት እዚኣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዘሎ ጸሎታት ዝያዳ ኵሉ ኣገዳሲት እያ፡ ምኽንያቱ ከም ኣብነት ኮይና እተገልግለና ጸሎት እያ። ኣብዛ ኣብ ማቴ 6፡9-13 ዘላ ጸሎት፡ ጐይታና 6 ኣርእስትታት ዘርዚሩ ኣሎ። ንሳተን ከኣ፡ እዘን ዝስዕባ እየን።

1. ስምካ ይቀደስ
2. መንግስትኻ ትምጻእ
3. ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን
4. ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና
5. ንሕና ንዝበደሉና ከም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና
6. ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር ናብ ፈተና ኣይተእትወና

ጐይታ ኣብ መወዳእታ ናይ ጸሎት ትምህርቱ ካብዘን ሽዱሽተ ጸሎታት ኣብ ሓንቲ ጥራሕ እዩ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ሂቡ። ኣብታ "ንሕና ንዝበደሉና ከም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና" እትብል። ጐይታ ኣብዛ ኣርእስቲ እዚኣ ተመሊሱ ተወሳኺ መብርሂ ዝሃበሉ ምኽንያት ምናልባት ምሕረት ምግባር ንደቂ ሰባት ሓድሽን ጋሻን ነገር ስለ ዝኾነ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባት'ውን ነቶም ሸለል ዝብልዋ ተወሳኺ መግለጽን መጠንቀቕታን ኪህብ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ እተራእዮ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ክርስቶስ ነተን ካልኦት ሓሙሽተ ገዲፉ ኣብዛ ኣርእስቲ እዚኣ ጥራይ ምትኳሩ ኣገዳሲ እዩ።

ምናልባት ኣብዛ ህሞት እዚኣ ብዛዕባ ይቕረ ዘይበልካሉ ወይ ዘይበልካላ ሰብ ትዝክር ትህሉ። ምናልባት እቲ ሰብ ጐዲኡካ፡ በዲሉካ፡ ኣታሊሉካ፡ ወይ ብገለ መገዲ ኣጸሊሙካ ክኸውን ይኽእል። ምናልባት'ውን ንሰበይትኻ፡ ደቅኻ ጐዲኡልካ ይኸውን። ይቕረ ክትብል ፈቲንካ ግን ፍጹም ኣይከኣልካን።

ብዙሕ ጊዜ ሰባት "ስኽ ደኣ በል፡ እንታይ ከም ዘገበረኒ/ትኒ ኣይፈለጥካን" ክብሉ ሰሚዐ ኣሎኹ። "ፍጹም ክሓድገሎም ኣይክእልን እየ" ዝብሉ'ውን ኣለዉ። ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ ኣዝዮም ይጕድኡ እሞ፡ ሕነ ክፈድዩ ክሳዕ ዝደልዩ ይኾኑ። "ፍጹም ኣይሓድጎን/ጋን እየ" ይብሉ። ገሊኦም ከኣ "ስለ ምንታይ ምሕረት እገብረሎም፧" ብምባል ይምልሱ።
ምሕረት ክንገብር ዘድልየና ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ። ብዙሕ ጊዜ፡ ምሕረት ክትገብር ዘይምኽኣል፡ መንፈሳውነትካ ዝገፍፍ ኣዕሚቚ ናይ ዝሰረተ ቂም ምልክት እዩ። ናይ ቂም ዝዓበየ ጸገሙ፡ ኵሉ ዝምድና ህይወትካ ክሳዕ ዘዕኑ ከም መንሽሮ እናለሓመ ዝኸይድ ምኳኑ እዩ።

<u>ምሕረት ምግባር ሕማም ነፍሲ ይፍውስ</u>

ምሕረት ዘይምግባር ከቢድ ሕማም እዩ። ሰራውሩ ኣዕሚቚ ይሰድድ፡ ጨነፍሩ ድማ ክሳብ መዓሙቕ ልቢ ይበጽሕ። ምሕረት ዘይትገብር እንተ ኴንካ፡ ኣብ ከቢድ መንፈሳዊ ሕማም ኢኻ ዘሎኻ። ሰረውር ሕርቃንን፡ ቂምን፡ ቅንኣትን፡ ጽልእን ንነፍስኻ የሰቅያ፡ ንህይወትካ ድማ ካብ ቍጽጽርካ ወጻኢ ይገብራ። ምሕረት ዘይገብር ልቢ እንተ ደኣ ኣሎካ፡ ዕዉት ክርስቲያናዊ ህይወት ክትመርሕ ኣይከኣለካን እዩ። ንህይወት ሓንሳብ ብዓይኒ ቂም እንተ ደኣ ጠሚትካያ፡ ብድሕሪኡ ብኞኑዕ መኣዝን ወይ ኣንፈት ክትጥምት ኣጸጋሚ እዩ። ንኣብነት፡ ዘይተመርዓወ ሰብ እንተ ኴንካ እሞ መጻምድትኻ ክትከውን እተላለኻያ ምስ እትጠልመካ፡ ኣብ ፍቕሪ ዘሎካ ኣጠማምታ ኣሉታዊ ክኸውን ክትቕሰብ ትኽእል። ብዙሕ ጊዜ፡ ሰባት ዘሕዝን ናይ ፍቕሪ ህይወት ምስ ሓለፉ "ድሕሪ ሕጂ፡ ዕቃበታት ብምግባር ጥራሕ እየ፡ ዘፍቅር" ክብሉ ይስምዑ እዮም። ብተደጋጋሚ "ካልኣይ ጊዜ ብኸምዚ ዓይነት ፍጻመ፡ ልበይ ክስበር ኣየፍቅድን እየ" ብምባል ጸቒጦም ይዛረቡ። እዞም ከምዚ ዝብሉ ሰባት፡ ነቲ ዝበደሎም ሰብ ምሕረት ከም ዘይገበሩሉን፡ እቲ ቅርሕንቲ (ቂም) ንህይወቶም ክቈጻጸር የፍቅዱሉ ከም ዘለዉን እዩ ዘረድእ።

ዘይምእማን ኵሉ ጊዜ ጐዳኢ እዩ። ምናልባት ብገለ ሰብ ተታሊልና ንኸውን። ገለ ነገር ክገብረልና ቃል ኣትዩ እንተ ኾነ ግና ቃሉ ከይፈጸመ ጠሊሙና ይኸውን። ኣሚንና ገንዘብ ኣውፊርና ወይ'ውን ክሳብ ናይ ህይወት ውሕስነት እተጸበናዮ፡ ኮይኑ ግን ፍጹም ክሒዱና ክኸውን ይኽእል። ምናልባት በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝጠለመና ኣብ ትሕተ-ንቕሓተ ሕሊናና ጽልኣትን ቂምን ይህልወና ይኸውን። እዚ ቅርሕንትትን ጽልእን እዚ ካብ ካልኦት ሰባት እኳ እንተ ተሰወረ፡ ኣብ ውሽጢ ነፍስና ግና ካብ ቍጽር ወጻኢ ክዓቢ ይኽእል እዩ።

ነዚ ከምዚ ዝበለ ቂምን ቅርሕንትትን ከተርሕቖ እንተ ደኣ ዘይኪኢልካ፡ ንዝኾነ ካልእ ሰብ ክትኣምን ኣይከኣልን እዩ። ናይ ዝኾነ ሰብ ድርኺት ኣብ ምልክት ሕቶ ከተእቱን፡ ብድሕሪ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓሳብን ስጕምትን እንታይ ሕቡእ ኣጀንዳ ይህሉ ብምባል ብዓይኒ ጥርጠራ ክትርእን ትግደድ። ካብዚ እተላዕለ ድማ "ቅድሚ ኣባይ ምትግባሮም፡ ኣብ ካልኦት ይፈትንዎ" ናብ ዘብል ዓይነት ሕማም ከድህበልካ ይኽእል እዩ።

ሓንሳብ ንህይወትና ደበና ቂምን ቅርሕንትትን እንተ ደኣ ኣጐልቢብዋ ጣዕሚ ህይወት ከነስተማቕር ፍጹም ኣይንኽእልን ኢና። ቂም፡ ካብ ኵሉ ጣዕሚ ህይወት ድማ እምበር፡ ምሕረት ካብ ምግባር ጥራሕ ኣይኮነን ዝኽልክለና። ቂም ዝመልኦም ሰባት ከፍቅሩ፡ ክስሕቁን ጣዕሚ ህይወት ከስተማቕሩን ፍጹም ኣይክእሉን እዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ኣዕናዊ ነፍሰ-ምትሓትን ኣብ ገዛእ ርእስኻ ጥራሕ ዘተኮረ ህይወትን እዮም ዝወድቁ። ሓንሳብ ምሕረት ንዘይምግባር ምስ እንውስን፡ ከም ሰብ ኣብ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ደረጃ ህይወት ንምንባር ተሰማሚዕና ኣሎና ማለት እዩ። ከምዚ ዓይነት ውሽጣዊ ህውከት ድማ ናብ ገዛእ ርእስኻ ስቅያትን ጓህን እዩ ዘስዕብ። ነቲ እተመረርካሉ ሕሉፍ ፍጻመ እናዘከርካ፡ እናሻዕ እናኣመላለስካ መንፈሳውነትካ ክሳዕ ዝጕሕጓሕ ትኸውን።

ሓደ ጊዜ ከምዚ ዝስዕብ እትብል ናይ ግሪኽ ጽውጽዋይ ሰሚዐ ነይረ። ብሓደ ጐልባብ ዝገብር፡ ፍሉይ መልክዕ ዝነበሮ ሰብ-መሰል፡ ዝሽገር ሰብኣይ ነበረ። ኵሉ ጊዜ መኣዲ ኣብ ዝቐረበሉ ጊዜ፡ እቲ ዘሸግሮ ዝነበረ በዓል ጐልባብ ፍጥረት፡ ካብ ጸልማት ይወጽእ እሞ፡ ነቲ እተቐረበ መግቢ ይውድኣሉ። ኵሉ ጊዜ ሓጐስን ዓወትን ክረክብ ኣብ ዝቃረበሉ ጊዜ፡ እዚ በዓል ፍሉይ መጐልበቢ ፍጥረት ካብ ጸልማት ወወጺኡ መመንዚዕዎ ይኸይድ ነበረ። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ሰብኣይ መንነት ናይቲ ዘሰቅዮ ዝነበረ ክፈልጥ ሓለነ። ክሳብ እታ ከም ልማዱ ወጺኡ ዝቐልቀለላ ህሞት ተጸበየ እሞ፡ በታ መጐልበቢቱ ኣጽኒዑ ሓዞ። ድሕሪ ብዙሕ ቃልሲ እቲ ሰብኣይ ነቲ ጐልባብ ክቐልዖ ከኣለ። እንተ ኾነ ግና፡ ንገጽ እቲ ኣሸጋሪ ሰብኣይ ከለልዮ እንተ ፈተነ፡ ናቱ መልክዕ ኮይኑ ጸንሖ።

መብዛሕትና፡ ናይ ገዛእ ርእስና ዝኸፍኡ ተጻባእቲ ኴንና ንርከብ ኢና። ይቕረ ዘይብል መንፈስና፡ ንገዛእ ርእስና ፍጹም ክሳዕ እነዕኑ፡ ነቲ ቀንዲ መንፈሳዊ ህይወትና እዩ ዝበልዓና። ቃል ኣምላኽ፡ “ንዅራ ደንጓዪ ዝኾነ ካብ ጅግና ይበልጽ፡ ካብቲ ንከተማ ዚሕዝ ከኣ መንፈሱ ዚገዝእ ይበልጽ” ይብል (ምሳ 16፡32)። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ካብቲ ንኸተማ ዝማርኽሲ፡ እቲ ንገዛእ ርእሱ ዝገዝእ ይበልጽ ማለት እዩ። ስነ-ስርዓትን ርእስኻ ምግታእን ክልተ ካብቶም ዝዓበዩ ህይወትና ንኽንመርሕን ንኽንዓብን ዘድልዩና መንፈሳዊ ንብረት እዮም።

ብዙሓት ሰባት ንክርስቶስ ከም መድሓኒኦም ከም ዝፈልጡዎን ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላቶምን ክዛረቡ እሰምዕ እየ፡ ህይወቶም እንተ ረአኹዎ ግና ብቂምን በቐልን ተመሊኡ ትረኽቦ። ኣረ ገሊኣቶምሲ መንፈስ ቅዱስ ከም እተመልኡ እዮም ዝሓስቡ፡ ኣብቲ ሓቂ እንተ ረአኻዮም ግና ብጽልእን ሕነ ምፍዳይን ተመሊኦም ትረኽቦም። እዚኣቶም ምናልባት፡ ከም ምፍላጥ ንጐይታ ይፈልጥዎ ይኾኑ፡ ሓጐስ ምድሓኑ ግን ኣይፈልጥዎን እዮም።

እዞም ከምዚ ዓይነት ሰባት፡ ብሓቂ ሓርነት ዝወጹ ኣይኮኑን። መንፈሶም ብመቓውሕ ቂምን ቅርሕንትን እተኣስረ እዩ። ልቦም ብምረት ስለ ዝኸብድ ከምቲ ዝግብኦም ጥዑይ ህይወት ክመርሑ ወይ ንኻልኦት ከፍቅሩ ኣይከኣሎምን እዩ።

ቡከር ዋሽንግቶን ዝበሃል ግኑን ስም ዝነበሮ ጸሊም መምህር፡ ካብቶም ጸዓዱ ሕብረተሰብ መዘንኡ ኵሉ ጊዜ ይወቕሱዎን የጸልምዎን ነበሩ። ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክበጽሕ ከም ዘይክእል ወይ ብቕዓቱ ዝሓለወ ትካል ክምስርት ከም ዘይክእል ይካትዕዎ ነበሩ። ዋሽንግቶን ግን ኣብ ክርስቶስ ዓሚቝ እምነት ነበሮ። ንኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ዘንገሰ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝገጥሞ ዝነበረ ኵሉ ዕንቅፋት ከም ዝስዕሮ ይፈልጥ ነበረ። “ዝኾነ ሰብ ከም ዝጸልኦ ብምግባር፡ ንነፍሰይ ከዕንወለይ ኣይፈቅድን እየ” ይብል ነበረ ዋሽንግቶን።

ጽልኢ ናብ ህይወትና ሱር ክሰድድ ብዝፈቐድናሉ መጠን፡ ኣብ መወዳእታ ተማእዘዝቲ ቂምን ቅርሕንትን ንኸውን። ጽልኢ ንኣና ደኣ እምበር ንኻልኦት ኣይኮነን ዘብርስ። ንዝበደሉኻን ዝጐድኡኻን ምሕረት ብዘይምግባርካ ንገዛእ ርእስኻ ጥራሕ ኢኻ እትጐድእ። ስለዚ፡ ካብ መንፈሳዊ ሕማምና ክንፍወስ ንዝበደሉና ይቕረ ክንብል ምሉእ ድሉውነት ክህልወና ከድልየና እዩ።

## ምሕረት ምግባር እተበደልናዮ ክንርስዕ ይሕግዘና

“ምሕረት ግበር እሞ፡ ረስዓዮ” ዝብል ኣዝዩ ልሙድን ፍሉጥን ኣዘራርባ ኣሎ። ብዙሕ ጊዜ ዝደጋገምን ገለ ሰባት’ውን ከም ጥቕሲ ጽሒፎም ኣብ መንደቕ ገዝኦም የንጠልጥልዎ እዮም። ኣብዛ “ምሕረት ግበር እሞ፡ ረስዓዮ” እትብል ሓረግ ተሓዚሉ ዘሎ መልእኽቲ ግን ካብ ክትገብሮ ክትዛረበሉ እዩ፡ ኣዝዩ ዝቐልል።

ብዙሓት ሰባት ምሕረት ከም ዝገበሩ ይዛረቡ እሞ፡ “ክርስየ ግን ፍጹም ኣይከኣልኩን” ብምባል ይውስኹ። ምሕረት ምግባር ምሉእ ክኸውን እንተ ኮይኑ፡ ምሕረት ምግባርን ምርሳዕን ጐድኒ ንጐድኒ ክኸዱ ኣለዎም። ምሕረት ምግባር ብዘይ ምርሳዕ ፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን። ዝተበደልካዮ ምርሳዕ’ውን ምሕረት ክሳዕ ዘይገበርካ ዘይሕሰብ ነገር እዩ። ነቲ ቂም ንጊዜኡ ካብ ኣእምሮኻ ኣርሒቕዮ እናበልካ፡ ኣብ መዓሙቕ ልብኻ ተሓቢኡ ክጸንሕን ድሕሪ ጊዜ ድማ ኣብ ህይወትካ በጨቕ ኢሉ ክወጽእን ይኽእል እዩ።

ብመጻምድትና ተበዲልና ምሕረት ጌርና እናበልና ክነስና፡ ካብኡ ንደሓር ከምቲ ቅድሚኡ ዝነበረና ፍቕሪ ብምልኣት ኣይነፍቅርን። ገለ መጻምድቲ በደል ብጻዮም ከም ዝሓደጉን ይቕረ ከም ዝበሉን ይሓስቡ፡ እንተ ኾነ ግን ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ከይተረፈ በቲ ዝረስዕዎ ዝመሰሎም በደል ቂምታ ተመሊኦም ይጸንሑ።

ምስ ዝበደሉና ሰባት ኣብ ዘሎና ርክብ ኣብ መንፈስና ምሉእ ናጽነት ዘይብልና እንተ ደኣ ኴንና፡ ብዛዕባ እቲ ሰብ ገና ኣብ ልብና ቂምን ቅርሕንትን ኣሕዲርና ከም ዘሎና ዘርኢ እዩ። ብምልኣት በደሎም ክንሓድገሎም ልብና እንተ ዘይፈትዩ፡ ብምልኣት ከነፍቅሮም ፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን። ሓቀኛ ምሕረት ምግባር፡ ናይ ውሽጢ ልቢ ጕዳይ እዩ። ብወጻኢ ቅድሚ ምስርሑ ድማ ኣብ ውሽጥና ክውዳእን ክፍጸምን ግድን የድሊ።

ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ሓንቲ ኣይሁዳውያን ኣብ ገዝኣ ብምዕቛብ፡ ኣብ ናይ ናዚ ቤት ማእሰርቲ እተኣስረት ኮርዬ ቲን ቡም እትባህለት ፍልጥቲ ክርስቲያን ሰበይቲ፡ ነበረት። ንሳ ኣብቲ ዝነበረቶ ቤት ማእሰርቲ ዝሓለፈቶን እተጻወረቶን ኣሰቃቕን ዘዋርድን ተሞኩሮ እያ እተዘንቱ። ኣብቲ ዛንታ፡ ሓደ ሓላው እሱራት ካብ ሼላኣ ኣውጺኡ ብኮረድዮ ናብ ክፍሊ መሕጸብ ሰብነት ድሕሪ ምውሳድ፡ ኣብ ቅድሚኡ፡ ዕራቓ ኣውጺኡ ሰብነታ ከም እትሕጸብ ይገብር ከም ዝነበረ ከይተረፈ እያ እተዘንቱ። እዚ ከይኣክል ድማ ኣብ ቅድሚኣ ደው ኢሉ እናተዓዘበ፡ ብዕሉግን ኣነዋርን ላግጺ እናተዛረባ ክሳብ ተሓጺባ እትውድእ የሸግራ ነበረ።

ኮርዬ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዘሕለፈቶ ተሞኵሮ ኣዝዩ ኣሰቃቕን፡ ኪኖ እቲ ክሕሰብ ዝከኣልን እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ሓብታ ኣብቲ ዝነበረቶ ቤት ማእሰርቲ እያ ሞይታ። ኮርዬ ግና ዛንታኣን ተሞኵሮኣን ከተዘንቱ እቲ ኵናት ክሳዕ ዝውዳእ ጸኒሓ ብህይወት ቀጸለት። እንተ ኾነ ኮርዬ ናይ መረረ ሰብ ኮይና ኣይተረፈትን። ኣብ ክንዳኡ ግና ሰባኺት ምሕረት ብምዃን ኣብ መላእ ኤውሮጳ ክትዘውር ክኢላ። ንሳ ንዅሎም ክርስቲያናት እቲ ጊዜ፡ ነቶም ኣብቲ ኵናት ዝጐድኡዎምን ዝበደሉዎምን ምሕረት ክገብሩ ትምሕጸኖምን ተተባብዖምን ነበረት።

ሓደ ጊዜ፡ ሙኒኽ ኣብ እትባሃለት ከተማ ጀርመን፡ ከም ልማዳ ብዛዕባ ምሕረት ምግባር ክትሰብኽ ጸኒሓ ነቶም ክረኽቡዋ ዝደልዩ ዝነበሩ ህዝቢ ክትራኸቦም ካብ መድረኽ ወረደት። እቶም ህዝቢ ድማ፡ ብናይ ኢድ ሰላምታ እናተለዋወጡ እቲ ስብከታ ዘመሓላለፈሎም መልእኽቲ ይነግርዋ ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ሓደ ሰብ ኢዱ ዘርጊሑ ናብኣ ቀረበ። መጀመርታ ምስ ረኣየቶ ከተለልዮ ኣይከኣለትን ነይራ። ጸኒሓ ግና ድምጹ ምስ ሰምዐት ብቕጽበት ትዝ በላ እሞ፡ ኣለለየቶ። ንሱ “ምሕረት ኣምላኽ ግሩም እዩ! ኣይኮነን’ዶ፤” በላ። ኮርዬ፡ ናብ ኣዒንቱ ተኹራ ድሕሪ ምጥማት፡ እቲ ቅድሚ ሒደት ዓመታት ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ እናተሓጽበት ዕራቓ እናረአየ ዘላግጸላን ዘሰቅቓን ዝነበረ ሓላው እሱራት ምዃኑ ምሉእ ብምሉእ ኣረጋገጸት። ንሳ ኣብ ዛንታኣ “ኣነ፡ ካብ ልበይ ምሕረት ዝገበርኩሉ እመስለኒ ነይሩ። እንተ ኾነ ግን፡ ንሱ ሰላም ክብለኒ ኢዱ ምስ ዘርግሐ፡ ሰላም ከይብሎ ኢደይ ፍጹም ምዝርጋሕ ኣብዩኒ ደረቐ” ክትብል እያ ጽሒፋ። “ፍጹም ሰላም ክብሎ ኣይከኣልኩን”። ኣብዚ ጊዜ እዚ ግና ኣነ፡ ከም ናይ ዓለም ፍልጥቲ ናይ ምሕረት ሰብ እየ ዝፍለጥ ዘለኹ። ይኹን እምበር ሕጂ ገጽ ንገጽ ምስ ተራኸብና ፍጹም ኣይከኣልኩን። ስለዚ ድማ ናብ ኣምላኽ ጸለኹ። ኦ! ኣምላኽ፡ ንዘይምኽኣለይ ምሕረት ግበረለይ ኢለ ጸለኹ። ድሕሪ ምጽላየይ ግና፡ ኣምላኽ ጸጋኡ ሃበኒ እሞ፡ ኢደይ ዘርጊሐ ሰላም በልኩዎ። ብርግጽ ኣምላኽ ሰናይ እዩ፡ ድማ በልኩዎ።” ብምባል ዛንታኣ ትቐጽል።

ኮርዬ ኣብታ ህሞት እቲኣ፡ ነቲ ፍጻመ ካብ ኣእምሮኣ እኳ እንተ ኣርሓቐቶ፡ ካብ መዓሙቕ ልባ ግና፡ ምሉእ ብምሉእ ከም ዘይደምሰሰቶ ኣስተውዓለት። ካብዛ ፍጻመ እዚኣ ድማ ነፍሲ ወከፍና ክንመሃሮ ዘሎና ትምህርቲ ቀሰመት። ንሱ ድማ፡ ምሕረት ምግባር ናይ ልቢ ሕቶ (ጕዳይ) ከም ዝኾነ እዩ። ካብ ፍጹም ልቢ እምበር ብኸናፍርና ጥራይ ኣይኮንናን ምሕረት ክንገብር ዘሎና። ሽዑ ጥራሕ ድማ ኢና ሓቀኛ ምርሳዕ ክንርስዕን፡ ቂምን በቓልን ዘይብሉ ንጹህ ህይወት ክንነብርን እንኽእል።

## ምሕረት ምግባር፡ ፍርዲ ናይ ኣምላኽ ምዃኑ የዘኻኽረና

ብዝኾነ ሰብ ኣብ እንብደለሉን እንጕድኣሉን ጊዜ፡ ኣብቲ ናይቲ ሰብ ድርኺትን ሕልናን ቀልጢፍና ፍርዲ ንህብ ኢና። እንተ ኾነ ግን፡ ኣምላኽ ኣብዚ ጕዳይ እዚ ምሉእ ምርዳእ ከም ዘይብልና እዩ ዘዘኻኽረና። ንሕና ከም ኣምላኽ ኣይኮንናን። ኣምላኽ በይኑ ጥራሕ እዩ፡ ንልቢ ደቂ ሰባት ዝምርምርን ግቡእን ቅኑዕን ፍርዲ ክህብ ዝኽእልን። ንሕና ናይቶም ዝብድሉና ድርኺት፡ ኵነታትን ሕሉፍ ታሪኽን ምሉእ ምርዳእ ክህልወና ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ምሕረት ክንገብርን እቲ ፍርዲ ድማ ንኣምላኽ ክንሓድገሉን ክንክእል ኣሎና።

ዓባየይ ብዛዕባ እዚ፡ ከምዚ ዝስዕብ ትገልጸ ነበረት፡

> ኣብቲ ብሉጽ ነገርና፡ ብዙሕ ክፉእ ኣሎና፡
> ኣብቲ ዝኸፍአ ነገርናኸ ብሉጽ ነገር መዓስ ይሰኣነና፡
> ንዅላትና ዘሰቅየና፡
> ነቶም ዝተረፍና ከኣ ዝነቕፈና።

ካብ ነቐፉን ኣበርን ናጻ ዝኾነ፡ ሓደ እኳ የብልናን። ስለዚ ከኣ እዩ ቃል ኣምላኽ “ኵሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ’ውን ስኢኖም” ብምባል ዘዘኻኽረና (ሮሜ 3፡23)። ኣብዛ ምድሪ ክሳዕ ዘሎ ምሉእ ፍጽምና ዝበጽሐ ዋላ ሓደ ሰብ የልቦን። ኵሉ ኵነታት ካልኦት ሰባት ክፈልጥ ዝኽእል ሰብ ፍጹም የልቦን። ስለዚ ድማ፡ ደቂ ሰባት ኣብ ዝኾነ ጕዳይ፡ እቲ ግቡእ ቅኑዕ ፍርዲ ክንህብ ኣይከኣለናን እዩ።

እዚ ክንብል ከሎና ግና ሰባት ንኻልኦት በዲሎም ክነሶም ናጻ፡ ከም ድላዮም ይኺዱ ማለትና ኣይኮነን። “ፍቑራተይ፡ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ፡ ኣነ ክፈድዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ነቲ መዓትሲ ስፍራ ሕደጉሉ እምበር፡ ባዕላትኩም ሕነ ኣይትፍደዩ” (ሮሜ 12፡19)። ኣምላኽ በቲ ቅኑዕ ሚዛን ፍርዱ ክፈርዶ፡ ኵሉ ኣብ ህይወትና ዝፍጸም ነገራት ኣብ መዝገቡ ይምዝግቦ እዩ። ሓደ መዓልቲ ድማ፡ ንዅሉ መዚኑ ነቶም ዝብድሉና ግቡእ ፍርዶም ክህቦም እዩ።

ምሕረት ምግባርና ውጽኢታዊ ዝኸውን፡ ኣብ ቃል ተስፋ ኣምላኽ  ተመርኲስና ምሕረት ምስ እንገብር እዩ። ንኻልኦት ክንፈርድ ፍጹም ኣይግብኣናን እዩ። ኣምላኽ ባዕሉ ክፈርዶም እዩ። ሓላፍነትና ኣምላኽ ባዕሉ ግቡእ ፍርዶም ከም ዝህቦም ኣሚንና፡ ንዝበደሉና ምሕረት ብምግባር ካብ ኵሉ ቂምን በቓልን ቅርሕንትን ገዛእ ነፍስና ከነንጽህ እዩ። ምሕረት ምግባር፡ ሓደ ካብቶም ጸሎትና ንኽምለስ ከነማልኦም ዘሎና ቀንዲ ረቛሒ እዩ።

ኣምላኽ ኣብ ዝፋኑ ኮይኑ፡ ኵሉ ኵነታት ህይወትና ይቆጻጸር ምህላዉ እንተ ደኣ ዘይኣሚንና ብእምነትን ብጸጋን ክንጽሊ ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ፡ ምሕረት ዘይገብር ልቢ፡ ዘይኣምን ልቢ እዩ። ንኣምላኽ ብምሉእ ልብና ክሳዕ ዘይኣመንና ንኻልኦት ምሕረት ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና።

ምሕረት ምግባር ብተወሳኺ ዘዘኻኽረና ነገር እንተ’ሎ፡ ንኻልኦት ክንፈርድ መሰል ከም ዘይተዋሃበና እዩ። ስለዚ ንዝበደሉና ምሕረት ናይ ምግባር ድሉውነት፡ ኣምላኽ ባዕሉ ፍርዲ ከም ዝህበሉ፡ ዘሎና እምነት እንገልጸሉ መገዲ እዩ። ኣምላኽ ኵሉ ኣብ መዝገቡ ከም ዝጽሕፎን እንታይ ይገብር ከም ዘሎ ስለ ዝፈልጥን ፍጹም ንሽገረሉ ምኽንያት የልቦን። ስለዚ እቲ ፍርዲ ንእኡ እናገደፍና ኣተኵሮና ልብና ብንጽህናን ጽድቅን ቅንዕናን ኣብ ምሕላው እዩ ክኸውን ዘለዎ።

## ምሕረት ምግባር ንመልሲ ጸሎት ኣፍ ደገ ይኸፍት

ንኻልኦት ምሕረት ናይ ምግባር ድልውነት፡ ምስ ኣምላኽ ንጸሎትና ንምምላስ ዘለዎ ድሉውነት ብቐጥታ ዝዛመድ እዩ። ኣብ ማር 11፡22-26፡ “ኢየሱስ መለሰ በለ’ውን ብኣምላኽ እመኑ። ዝኾነ ይዅን እቲ ዝበሎ ከም ዝኸውን ዝኣምን እምበር፡ ብልቡ ዘይወላወል፡ ነዚ ኸረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሓል፡ እንተ በሎ፡ ንእኡ ከም ዝኾነሉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ስለዚ፡ እትጽልዩዎን እትልምንዎን ዘበለ ከም ዝረኸብኩምዎ እመኑ እሞ ክኾነልኩም እዩ። እብለኩም ኣሎኹ” ይብል።

እዚኣ ብዘይጥርጥር ሓንቲ ካብተን ዝዓበያ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣተወልና ተስፋ እያ። ጐይታ ሓይሊ ጸሎት ምስ ሓይሊ እምነት ከም ዝተሓሓዝ እዩ ዝገልጸልና። መልሲ ናይ ጸሎትና’ውን ምስቲ ንቓል ተስፋኡ ዘሎና እምነት እተተሓሓዘ እዩ።

ጐይታ ኣብዚ ከየብቅዐ፡ ተወሳኺ ቅድመ ኵነት ክህብ ከሎ ኢና እነንብብ። ጐይታ ጸሎትና መልሲ ክረክብ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ምስቲ ምሕረት ናይ ምግባር ድልውነትና ብቐጥታ ከም ዝተሓሓዝ ብግልጺ ኣብሪሁልና እዩ። “ደው ኢልኩም ክትጽልዩ ከሎኹም ድማ፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም በደልኩም ምእንቲ ክሓድገልኩም፡ ኣብ ብጻይኩም ገለ እንተ ኣሎኩም፡ ሕደጉሉ። ንስኻትኩም እንተ ዘይሓደኩም ግና፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ድማ በደልኩም ኣይሓድገልኩምን እዩ” ብምባል ብንጹር ገሊጹልና ኣሎ (ማር 11፡25-26)።

ጸሎትና ቅቡል ክኸውንን መልሲ ክንቅበልን ምሕረት ምግባር መሰረታዊ ረቛሒ ከም ዝኾነ ዝጠራጠር ሰብ ክህልወና ኣይክእልን እዩ። ንዝበደሉና ምሕረት ከይገበርናን ይቕረ ከይበልናንከ ከመይ ጌርና ኣምላኽ ጸሎትና ክሰምዓና ኢልና ክንሓስብ ንኽእል፧ ቅድሚ ኵሉ ንሕና ንእኡ በዲልናዮን ሓጢእናን ኢና። ምሕረት ክሳዕ ዘይገበርና ዋላ እምባ ብእተግዕዝ እምነት እንተ ጸለና፡ ጸሎትና ክሰማዕ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ምሕረት ዘይምግባር ሓጢኣት እዩ፡ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ድማ የበላሽወልና እዩ። ኣምላኽ ይቕረ ዘይብል ልቢ ንዝሓዘ ሰብ መልሲ ዘይምሃቡ ዘገርም ኣይኮነን።

ኣብ 1ጴጥ 3፡7፡ ሰብኡት ምስ ኣንስቶም ቅኑዕ ሕብረትን ዝምድናን ምስምማዕን እንተ ደኣ ዘይብሎም፡ ጸሎቶም ከም ዘይስማዕን ከም ዝዕገትን ዝነግረና ጽሑፍ ክንግንዘብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሰብኡት ንኣንስቶም ክርድኡወን፡ ከኽብሩወንን ጸጋ ህይወት ምስኦም ክካፈሉን ተነጊሩዎም እዩ። መሰረታዊ ድሌታት መጻምድትኻ ከተማልእ ብዘይምኽኣልካ፡ ኣብ ንግድኻ፡ ኣብ ውልቃዊ ህይወትካ፡ ገንዘባዊ ኣተሓሕዛኻ፡ ወይ’ውን ኣብ ደቅኻ ዘሎ ጸገማት ለውጢ ከተምጽእ ኣዚኻ ትቃለስን እምብዛ ትጽዕርን ትህሉ ትኸውን።
ንሰበይትኻ ከተኽብራ ስለ ዘይከኣልካ፡ ኣምላኽ’ውን ስቕ እዩ ዝብለካ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ሓዳር ወጥሪ ዝርአ፡ ሓዲኦም ወይ ድማ ክልቲኦም ንመጻምድቶም ይቕረ ክብሉን ምሕረት ክገብሩን ብዘይምኽኣሎም እዩ። ኣብ ሰብ ሓዳር ዝዓበየ ዘይምክብባር ዝርእዩሉ መገዲ ንሓድሕዶም ይቕረ ዘይምብህሃል እዩ።

ይቕረ ዘይምባል፡ ንኵሉ ናይ እምነት ጕዕዞናን ናይ ጸሎት ህይወትናን እዩ ዝገፈና። ይቕረ ዘይምባል ኣምላኽ፡ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ነገር ከም ዝገብር ከም ዘይንኣምኖ እንነግረሉ/እነርእየሉ መገዲ እዩ። ምናልባት ብዛዕባ ሓደ ነገር ንነዊሕ ዓመታት ይቕረ ብዘይብል ልቢ ጸሊኻ ክነስኻ ብፍጹም መልሲ ኣይረኸብካን ትኸውን። ገለ ክርስቲያናት ድማ ብዛዕባ ሓቅነት ጸሎት ክሳዕ ዝጠራጠሩ እዮም ዝኾኑ። “ጸሎት ክሳዕ ኣኽራን ዝኣክል ከም ዘግዕዝ ብዙሕ ጊዜ ሰሚዐ ኣሎኹ፡ እንተ ኾነ ግን ኣይሰርሕን እዩ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ብተኣምራት ክሰርሕ ርእየዮ ኣይፈልጥን እየ” ይብሉ። ግናኸ፡ እዚ ምናልባት ብሰንኪ ንዝበደሉዎም ምሕረት ብዘይምግባሮም ዝሰዓበ ውድቀት ክኸውን ይኽእል እዩ።

<u>ምሕረት ክንረክብ ምሕረት ክንገብር ኣሎና</u>

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምሕረት ክንረክብ እንተ ኴንና ምሕረት ክንገብር ድሉዋት ክንከውን ከም ዘድልየና ኣነጺሩ ምሂሩና እዩ። ንዝበደሉና በደሎም ክሳዕ ዘይሓደግናሎም ኣምላኽ’ውን ንበደልና ምሕረት ኣይገብረልናን እዩ። ምንም እኳ ከም ማዕበል ባሕሪ ዝኣክል ወሓዚ ምሕረት እንተ ኣለዎ፡ ንሕና ንዝበደሉና ምሕረት ክሳዕ እንገብረሎም ንምሕረቱ ደረት ይገብረሉ እዩ። ኣምላኽ ንኵሉ ሓጢኣትና፡ በደልናን ስሕተትናን ብሓይሊ ደም ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ይቐረ ክብለልና ፍቓዱን ፍታዉን እኳ እንተ ኾነ፡ ንሕና ምሕረት ክንገብር ክሳዕ ዘይተዳሎናን ዘይፈተናን ምሕረት ከም እተገብረልና ክስምዓና ፍጹም ኣይክእልን እዩ።

ሓደ ሰብ ሓደ ጊዜ “ኣብ ውሽጠይ ፍጹም ምሕረት የብለይን” በለኒ። ኣነ ድማ ኵላትና ብገዛእ ርእስና ምሕረት ናይ ምግባር ዓቕሚ የብልናን ብምባል ኣዘኻኺረዮ። ምሕረት ምግባር ውህበት ኣምላኽ እዩ። ውጽኢት ዕዮ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ልብና እዩ። ንዝበደለኒ ምሕረት ክገብረሉ ኣብ ዝብገሰሉ ጊዜ፡ ስጋይ “ኣይፋል” ብምባል ክኣብየኒ ከሎ፡ መንፈሰይ ግና “እወ” ብምባል ክድግፈኒ እየ ዝዕዘብ።

ኵላትና ከምዚ ዓይነት መንፈሳዊ ውግእ ኣብ መንጎ ስጋውን መንፈሳውን ባህርያትና ኣብ ውሽጥና ኣሎና። ስጋና መንፈሳዊ ሓቂ ኣብ ዝቃወመሉ ጊዜ ኣምላኽ “እስከ ንጐይታ ኢየሱስ ጠምት! ንሱ እንታይ ኮን ምገበረ፧” ዝብለኒ ኮይኑ እስምዓኒ። ብልበይ ናብኡ ክጥምት ምስ ዝጅምር ድማ፡ ጐይታ ከም እተወቕዐ፡ ከም እተጸርፈ፡ ጡፍ ከም እተባህለሉ፡ ከም ዘባጨዉሉን ከም እተሰቕለን እዝክር። ኣኽሊል እሾኽ ተኺሎም ኣብ ርእሱ ከም ዝደፍኡሉ፡ ደሙ ድማ ብገጹ ከም ዝንጀርበበ፡ ኣብ ጥራይ ዝባኑ ብትሽዓት ዝጨናፍሩ ሓለንጊ ከም እተገርፈ፡ ኣብ መስቀል ተዘርጊሑ ከም እተሰቕለ፡ ኣእጋሩን ኣእዳዉን ምስቲ መስቀል ከም እተሸንከረ፡ ኣብኡ ድማ ንሰዓታት ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ከም እተንጠልጠለ፡ ሓጢኣተይን ሓጢኣት ምሉእ ዓለምን’ውን ኣብኡ ከም ዝጾረ አስተውዕል። ጐይታ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኵነታት እናሃለወ ክንሱ፡ ናብቶም ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ኮይኖም ዘላግጹሉን ዘባጭዉሉን ዝነበሩ ኣንቃልቐሉ ተመልከተ እሞ፡ “ኣቦይ፡ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፡ ሕደገሎም” ከም ዝበለ እዝክር።

ክርስቶስ እኳ ይቕረ ካብ በለልና፡ ከመይ ንሕና ንዝበደሉና ይቕረ ክንብል ኣይንኽእልን፧ ሕመረት ናይ ምሕረት ምግባር ኣምላኽ ልዕሊ ልብና ከም ዝኾነ ኣብ ምስትውዓል እዩ ዘሎ። ንዝበደሉና ምሕረት ክንገብረሎም ፍታው እንተ ደኣ ሃልዩና፡ ንእኡ ኣምላኽ ባዕሉ ክጸባጸቦም ይኽእል እዩ። መን እዩ በዲሉካ/ኪ፧ ሰበይትኻ/ሰብኣይኪ፡ ስድራኻ/ኺ፡ ሰበይትኻ/ሰብኣይኪ ነበር፡ ናይ ንግዲ መሻርኽትኻ/ኺ ነበር፡ ሓለቓኻ/ኺ፡ ወይስ ዓርክኻ/መሓዛኺ፧ መን እዩ ብዘየገድስ ኣምላኽ ብምልኣት ፍጹም ይቕረ ክትብለሎም ክኽእለካ ይኽእል እዩ።

ቀኑስልኻን ይቕረ ምባል ዝኣበየካ ልብኻን ሒዝካ ናብ ጐይታ ምጻእ። ጐይታ ንቀኑስልኻ ክፍውስን ንዝሰምበረ ልብኻ ብሓይሊ ይቕረታ ክጽግንን ፍቓደኛ እዩ።

ኣምላኽ ይደግፍ።